## ክኢላታት ትምህርታዊ ስነኣእምሮ፡ ናይ ምህሮን ድሕንነትን ተምኩሮታት ቈልዑ ንምምዕባል ይሰርሑ

እቲ ዝዓበየ ስራሕና ምስቶም ፍሉይ ናይ ትምህርቲ ጠለብ ምስ ዘለዎ ቈልዑ ምስራሕ እዩ። እንተኾነ ነቲ ዝበዝሐን ዝተፈላለየን ስራሕ ዝውክል ኣይኮነን።

ብዙሕ ድሌታት ምስ ዘለዎም ቈልዑን መንእሰያትን ንሰርሕ። ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ ድሌታት ዘለዎም ቈልዑን መንእሰያትን ክኾኑ ይኽእሉ፡

- ምርድዳእ ዘጸግሞም ንኣብነት፡ ንነብሶም ምግላጽ ዘጸግሞም ወይውን ምስ ካልኦት ምጽዋት ዘይክእሉ
- ዛዕባታ ወይ ዛዕባታት ናይ ምህሮ ዘጸግሞም ንኣብነት፡ ምህሮ ናይ ኣናብባ (ምንባብ) ወይ ምህሮ ናይ ምዝካር ዘጸግሞም
- ትሑት ስምዒት ዘለዎም፣ ዝተሻቐሉ፣ ዝሓረቑ ወይ ንገዛእ ርእሶም ክሃስዩ ዝደልዩ
- ኣካላዊ ስንክልና ወይውን ጉድለት ዘለዎም
- ብሕጊ ዝተኣዘዘ መስርሕ ገምጋም ንምድጋፍ ጸብጻባት ምድላው

ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ዓይነት ድሌታት ምስ ዘለዎ ቈልዑ ብተወሳኺ ምስ ብዙሓት ወለዲ፣ መማህራንን ካልኦት ሰብ ሞያን ንሰርሕ ኢና። እዚ ስራሕዚ ሰፊሕን ንኹሎም ቈልዑ ዘርብሕን እዩ። ገለ ኣብነታት ናይዚ ስራሕ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ንነኣሽቱ ጉጅለታት ኣባላት  ወይ ንቤት ትምህርቲ ብምሉኡ ስልጠና ምሃብ
- ናይ ወለዲ ዎርክሾፕ ምድላው
- ረእሰ መማህራን፣ መማህራንን ናይ ደገፍ ሰራሕተኛታትን ምቍጽጻር
- ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ መጽናዕታት ምክያድ ን ኣብነት ሓደ ነገር ውጽኢታዊ ከምዝኾነን ከምዘይኮነን ምፍላጥ
- ኣብያተ ትምህርቲ ፖሊሲ ከዳልዉ ምሕጋዝ
- ኣብያተ ትምህርቲ ትካላዎ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ምሕጋዝ
- ቍጽሪ ምስጓግ ካብ ቤት ትምህርቲ ምንካይ
- ኣብ ልዕሊ ቈልዑን መንእሰያትን ንዝግበር ዘይምዕሩይ ኣተሓሕዛ ምልላይን ምንካይን

እዚ ገለ ንእሽቶ መርኣያ ናይቲ ትምህርታዊ ስነ ኣእምሮ ዝሰርሖ ስራሕ እዩ። ዝያዳ ክትፈልጡ እንተደሊኹም ምስ ዝተመደበልኩም በዓል ሞያ ትምህርታዊ ስነ ኣእምሮ ተዘራረቡ።

## ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ኣብ ዝተፈላለዩ ትሕዞታታ (ዛዕባታት) ይሰርሕ።

ዝበዝሑ ክኢላታት ትምህርታዊ ስነ ኣእምሮ ንምምሕዳር ከባቢ ዝተቈጽሩ እዮም ግን ኣብ ኩሉ ህዝባዊን ውልቃዊን መዳያት ይሰርሑ። ኣብዚ እዋንዚ'ውን ስርሖም ዝያዳ እናሰፍሐ ኣብ ምምጻእ ይርካብ። ክኢላታት ዝሰርሑሎም ዛዕባታት ነዞም ዝስዕብ የጠቓልል፡

- ምምሕዳር ከባቢታት
- ማሕበራዊ ትካላት
- ምስ ሕብረተሰብ ዝሰርሑ ትካላት
- ተራድኦታት

- ትካላት ግብረሰናይ
- ናይ ብዙሕ ኣካላት ትምህርቲ ትረስትታት
- ውላቃዊ ኣገልግሎት ትምህርታዊ ስነኣእምሮ
- ውልቃዊ ቀንዲ ነጋዶ

ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ኣብ ውሽጢ እዚ ዛዕባዚ ኰይኑ ንስነኣእምሮ ዝቐርበሉ መገዲ ዝተፈላለየ ይኸውን። ግን ኩሎም ክኢላታት ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ኣብ ካውንስል ሞያታት ጥዕናን ክንክንን (HCPC)ተመዝጊቦም እዮም እዚ ማለት ኩሎም ተመሳሳሊ ደረጃ ዘለዎ ኣተሓሕዛ፣ሞያዊ ብቕዓትን ቀጻሊ ሞያዊ ዕብዩትን ክኽተሉ የድልዮም።

ክኢላታት ስነኣእምሮ'ውን ብመሰረት ዝተፈላለዩ ናይ ስነ ምግባር ሕግታት ክሰርሑ ትኽእሎ ኣሎ፡ ንኣብነት ናይ ብሪጣኖያ ማሕበር ስነኣእምሮኣዊ ኣሰራርሓን ሕጊ ስነምግባርን ።

## ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ብኣጋ ከምዝሳተፍ ምግባር ዝያዳ ውጽ ኢታዊ ክኸውን ይኽእል - ዋላውን ካብ ሻቕሎት ንምድሓን።

ሽሕኳ ሓደ ሓደ ግዜ ሰባት ክኢላ ትምህርታዊ ስነ ኣእምሮ ከይተወከሱ እቲ ኩነታት ተጋዲዱ ናብ ቅልውላው ክሳዕ ዝሰጋገር ዝጽበዩ እንተኾኑ ናይ ኣጋ ደገፍ ሓያል ክኸውን ይኽእል።

ካብ ተመኩሮና ተበጊስና፡ ጸገማት ሃንደበት ዘጋጥሙሉ ኩነታት ሳሕቲ ከምዝኾነ ንርዳእ። መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ቈልዑን መንእሰያትን ዝሰርሑ ዓበይቲ ሰባት ሓድ ሓደ ግዜ ቅኑዕ ዘይኮነ ግምት የሕድሩ። ዋላ ዘሻቕል የልቦን ክብለኩም እናኸኣለ ምስ ዝተመደበልኩም ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ብኣጋ ክትዘራረቡ ነተባብዓኩም። ሓደ ሓደ ግዜ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ እቲ ዝበለጸ ደገፍ ካብ ካልእ ትካል ወይ በዓል ሞያ ይርከብ ዝብል ሓሳብ ክቐርብ ይኽእል።

## ብሓባር ብምስራሕን ክእለትና ብምክፋል፡ ዝኾነ ተግባር ወይ ዝቕጽል ስጕምቲ ኣብ እዋኑ ነቲ ቈልዓ ቅኑዕ ይኸውን

ክኢላታት ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ናይ ሽሑር በትሪ የብሎምን ነቲ ጸገም'ውን 'ከዐርዩዎ' ኣይክእሉን ወይውን ንኹሉቲ ቈልዓ ወይ መንእሰይ ኣጋጢምዎ ንዘሎ ጸገም ዝፈትሕ ፈኩስ ስትራተጂ ኣይህቡን እዮም።

ነቲ ጸገም ምርዳእ

ክኢላታት ትምህርታዊ ስነኣእምሮ፡ ምስ ዓበይቲ ሰባት፣ ቈልዑን መንእሰያትን ክሰርሑ ክሕተቱ ከለዉ "እቲ ጸገም" ዝተሃላለኸን ንምፍትሑ ኣዝዩ ኣጸጋሚን ክኸውን ከምዝኽእል ወይውን ኰይኑ ከምዝረአ ይፈልጡ እዮም። መብዝሕትኡ ግዜ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ጸገም ኣብ ዘለወሉ ኩነታት ክንሰርሕ ንሕተት። ሽሕኳ እቶም እንሰርሃሎም ሰባት እቲ ጸገም ጠጠው ክብል ወይ ክኸደሎም ዝደልዩ እንተኾኑ፡ ቤት ትምህርቲ መጺኻ ፈኲስቲ ስጕምታት ክንወስድ ኢና ኩሉ ነገር ደሃን ክኸውን እዩ ኢልካ ምሕሳብ ርትዓዊ ኣይክኸውንን እዩ። እዚ ብዙሕ ግዜ ሰባት ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ጽቡቕ ገይሩ ኣይሰምዓናን ወይውን እቲ ጸገም ክሳዕ ክንደይ ከቢድ ከምዝኾነ ኣይተረደኦን ኢሎም ክሓስቡ የገድዶም።

ስትራተጂታትን ደገፋትን ተፈቲኖም ግን ብገለ ምኽንያታት እቲ ኩነታት ዘይተመሓየሸ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባዚ ምስ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ምዝርራብ፡ ዛጊት እንታይ ተፈቲኑ ነይሩ ንዝብል ኣብ

ምፍታሽ ንዓውዲ ስነኣእምሮ ስለዝጥቀም፡ ኣብ ዝቕጽል እንታይ ክፍተን ኣለዎ ንዝብል ኣብ ምልላይ ሓጋዚ ክከውን ይኽእል እዩ።

ብሓባር ምስራሕ

ነፍስወከፍ ቈልዓ ፍሉይ እዩ እንተላይ ነፍስ ወከፍ ክፍሊ፣ መምህር፣ ወላዲ ወይ ኣላዪ'ውን ፍሉይ እዩ። ስለዚ ነፍስወከፍ ፍታሕ ብጥንቃቐ ክፍለጥ ኣለዎ ከምኡ'ውን ዝኾነ ዝኾነ ዝቐርብ ሓሳባት ንነፍስወከፍ ዝምልከት ቅኑዕ ክኸውን ይግባእ። ገለ ሓሳባት ወይ ስጒምትታት ንሓደ ቤት ትምህርቲ ቅኑዕ እናኾነ ንሓደ ፍሉይ ቈልዓ ግን ቅኑዕ ከይከውን ይኽእል እዩ። ክኢላታት ትምህርታዊ ስነኣእምሮ መብዛሕትኡ እዋን ናይ ሓባር ፍታሕ ንምምጻእ ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ይሰርሑ። መማህራን ብዛዕባ መምሃሪ ክፍሎምን ስርኣተ ትምህርቲን ልዑል ኣፍልጦ ኣለዎም። ወለዲን ኣለይቲን ብዛዕባ ውላዶም ልዑል ኣፍልጦን ተመኩሮን ኣለዎም። ክኢላታት ትምህርታዊ ስነ ኣእምሮ ኣብ ምዕባለን ስነኣእምሮን ቈልዑ ልዑል ኣፍልጦ ኣለዎም።

ብሓባር ምስራህን ንኹሉ ኣፍልጦታት ምክፋል ጸግም ንምፍታሕ ዝበለጸ መገዲ እዩ ግን እዚ ናይ ቐልጡፍ ፍታሕ መስርሕ ከምዘይከውን'ውን ንርዳእ ኢና። ካብ ተመኩሮና ተበጊስና ብዛዕባቲ ዝከይድ ዘሎ ከም ኡ'ውን ኣብ መጻኢ እንታይ ዓይነት ለውጢ ክንርኢ ከምዝግባእና ናይ ሓባር ርድኢት ምህላው እቲ ዝበለጸ ሓያል ናይ ቅድሚት ስጒምቲ እዩ ንብል።

## ገምጋም ትምህርታዊ ስነኣእምሮ- እንታይ ማለት እዩ?

*ገምጋም ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ሓፈሻዊ መረዳእታ ህይወት ናይቲ ቈልዓ ማለት ድሌታቱ፣ ኣረኣእያኡን ምናልባት ሓያል ጎድንታቱን ምእንቲ ክህሉ ንዝሕግዙ ብዙሓት ነገራት ምግምጋም ክኸውን ይኽእል።*

ክልተ ገምጋም ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ተመሳሰልቲ ክኾኑ ኣይኽእሉን እዮም። ሓድ ሓደ ግዜ ገምጋም ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ማለት ሓደ ዓይነት ናይ ስራሕ መገዲ ወይውን ሓደ ነገር ምግባር እዩ ዝብል ኣረኣእያ ኣሎ ስለዚ እቲ ቓል ከደናግር ይኽእል። ብርግጽ ገምጋም ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ማለት ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ነቲ ኲነታት ንምርዳእ ዝገብሮ ዝኾነ ዓይነት ተግባር ማለት እዩ።

ኲሉ ቈልዓ ዝተፈላለየ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ናይ ገዛእ ርእሶም ድሌታት፣ ሓያል ጐድንታት፣ ክእለታትን ባህግታትን ኣለዎም። ብተወሳኺውን ኲሉ ስድራ፣ ቤት ትምህርቲ፣ መምሃሪ ክፍሊን መምህርን ዝተፈላለየ እዩ። ምስዚ ኲሉ ፍልልያት ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ኣብ ኲሉ እቲ ዘጋጥሞ ጉዳያት ተመሳሳሊ ነገር ክገብር እንተፈቲኑ ዘይንቡር ይኸውን።

## ስለዚ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ነቲ ኲነታት ንምርዳእ እንታይ ዓይነት ነገራት ይገብር?

ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ነቲ ዝሰርሓሉ ኲነታት ንምርዳእ ክፍትን ከሎ ዝጥቀመሎም ብዙሓት ንዋት ወይ ሜላታት ኣለዉ። ንኹሎም ክትዝርዝሮም ኣጸጋሚ እዩ። እቲ ዝበለጸ ምኽሪ ክኸውን ዝኽእል ንክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ምዝራብን እንታይን ስለምንታይን ይገብሩ ከምዘለዉ ምሕታት እዩ። ነዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ልሙዳት ክንሽፍን ፈቲንና ኢና፡

ምዝርራብ

ምዝርራብ እንታይ የጋጥም ከምዘሎ ካብ ዝተፈላለዩ ኲርናዓት ንምርዳእ ዝሕግዝ ኣዝዩ ዝበለጸ መገዲ ክኸውን ይክእል እዩ። ወለዲ፣ መማህራንን ቈልዑን ብዛዕባ እቲ "ጸገም" ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ክህልዎም ይኽእል እዩ። ነዞም ኣረኣእያታት ምርዳእ ምፍታን ኣገዳሲ እዩ። ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ነዞም ዝርርባት ብዝተፈላለዩ መጽውዒታት ክጽውዕ ይኽእል እዩ፡ ንኣብነት፡ ምይይጥ ወይውን ናይ ሓባር ዝርርብ ምፍታሕ ግድላት።

እዞም ዝርርባት ምጥቃም ብዙሕ ስነኣእምሮ ይምልከቱ። ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ብዛዕባቶም ዝሓቶም ሕቶታት ብጥንቃቐ ይሓስብ እንተላይ መዓስን ብኸመይን ነዞም ሕቶታት ከምዝሓቶም። ስራሕ ናይ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ፡ ነቶም ዝሳተፉ ኣብ ውሑስ ቦታ  ንኽዛረቡን ብዛዕባ እቲ ሻቕሎት ዝፈጠረ ኲነታት ክሓስቡን እኹል ግዜ ብምሃብ ይሕግዝ።

ርእይቶ ቈልዓ ወይ መንእሰይ ምርካብ

እዚ ኣገዳሲ ስራሕ ናይ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ እዩ። ብዙሕ ግዜ ጸገም ከጋጥሞም ዝረኣዩ ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ምሕጋዝ ንኽንሳተፍ ንሕተት ኢና። ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ማእከል ሕልናናን ስራሕናን እዮም  ከንዲ ዝኾነ ብዛዕባ እቲ ዝፍጠር ዘሎ፣ ብዛዕባ እንታይነት እቶም ጸገማት እንታይ ከምዝሓስቡ ከምኡ'ውን ኣየናይ ጽቡቕ ይሰርሕ ከምዘሎ ንዝሓስቡዎ ክትፈልጥ ምፍታን ኣገዳሲ እዩ። ሕጂ'ውን ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ  ርእይቶ ናይ ቈልዓ ንምርካብ ክጥቀመሎም ዝኽእል ንዋትን ሜላታትን   ኣዝዮም ብዙሕ ዓይነት እዮም ከምኡ'ውን ክልተ ቈልዑ ተመሳሰልቲ ክኾኑ ኣይኽእሉን።  ኣብ ዝበዝሑ ጉዳያት፡ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ  ምስቶም ነቶ ቈልዓ ብዝበለጸ ዝፈልጡ ዓበይቲ ዝርርብ ድሕሪ ምክያድ ነየናይ ንዋት ወይ ሜላ ከምዝጥቀም  ይውስን።

ትዕዝብቲ

መብዛሕትኡ ግዜ ንቈልዓ ኣብ ቤትትምህርቲ ምዕዛብ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል። እዚ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ህይወት ናይቲ መንእሰይ እንታይ ክመስል ይኽእል ንዝብል ኣብ ምርዳእ ክሕግዝ ይኽእል። ምዕዛብ፡ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ እቲ ቈልዓ ወይ መንእሰይ ብዛዕባ እንታይ ይጽገም ኢሉ ንክሓስብ ዕድል ክህቦ ይኽእል።  ብተወሳኺውን ኣብ ዝተፈለየ ኲነታት ድሮ ብጽቡቕ ሰሪሑ ዘሎ እንታይ ከምዝኾነ ንክሓስብ ዕድል ክህቦ ይኽእል እዩ።  ምዕዛብ፡ ኣብ ክእለት ምህሮ እት ቈልዓ፣ ድሕንነትን ዕብዬትን ከባቢያዊ ጽልዋ ኣብ ምፍታሽ ቀንዲ ኣተኲሮ ይገብር።

ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ብዕምቈት ትዕዝብቲ ዘካይዱሉ ግዜ ከይህልዎም ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ ስለዚ ሓድ ሓደ ግዜ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ኣቐድም ኣቢሉ ንዝተነጥረ ነገራት ከላሊ ይኽእል። ክኢላታት ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ብኣዝዩ ዝተፈላለዩ መገድታት ትዕዝብትታት ከካይዱ ይኽእሉ እዮም ንኣብነት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜያት፣ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት።  ምኽንያቱ ድማ ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ዝተፈላለየ ሃዋህው ብዝተፈላለየ መገድታት ባህርያቶም ክርእዩ ከምዝኽእሉ ስለ እንፈልጥ እዩ።

ገምጋም ኣፍልጦ (ምምዝዛን)

ገምጋም ኣፍልጦ (ምምዝዛን) ብዝተፈላለዩ ብዙሓት መገድታትክግበር ይኽእል እዩ። ገምጋም ኣፍልጦ (ምምዝዛን) ምስ ምርመራ ኣፍልጦ (ምምዝዛን) ዝመሳሰል ኣይኰነን።

እዚ ንምርድኡ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። "ኣፍልጦ (ምምዝዛን)" ምስ ዝኾነ ዓይነት ክእለት ምሕሳብ ወይ ምህሮ ዝተሓሓዝ እዩ። እዚ ማለት "ገምጋም ኣፍልጦ (ምምዝዛን)" ንኹሉ ክእለታት ዘጠቓለለ ክመስል ይኽእል እዩ ንኣብነት ክእለት ምዝካር፣ ግድል ምፍታሕ፣ ክእለት ኣድህቦ፣ ምህሮ።

ፈተና ኣፍልጦ (ምምዝዛን) ኣብትሕቲ ምቍጽጻር ዝገብረሎም መገድታት ዝተፈላለዩ ተኸታተልቲ ንጥፈታት ዝካየደሉ ፈተና እዩ፣ ዝተፈላለዩ ክእለታት "ንምፍታን" ዝተነድፈ። ብተወሳኺውን ገምጋም ሳይኮሜትሪክ ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ።

- ፈተና ኣፍልጦ (ምምዝዛን) ኣብ ውሽጢ ዓቢ ጉጅለ ተመሳሳሊ ዕድመ ዘለዎም ቈልዑ ብምውድዳር ዝተፈላለዩ ነጥብታት ክህብ ይኽእል እዩ።
- ፈተና ኣፍልጦ (ምምዝዛን) ቈልዓ ኣብ ኵነታት ፈተና ብዘይ ደገፍን ምትብባዕን እንታይ ክገብር ከምዝኽእል ይነግረና (ሓድ ሓደ ግዜ መዲቴሽን ኢልና ንጽውዖ)።
- ፈተና ኣፍልጦ (ምምዝዛን) ናይቲ መዓልቲ ንጥፈት ስእላዊ መግለጺ ይህብ።

ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ፡ ገምጋም ኣፍልጦ (ምምዝዛን) ኣብ ልዕሊ ቈልዓ ወይ መንእሰይ ክገብር ክጥቀመሎም ዝኽእል ካልኦት ብዙሓት ናውቲ ኣለዉ። እቲ ህቡብን ኣድማዒን መገዲ ተንቀሳቓሲ (ዳይናሚካዊ) ገምጋም ኣብ ልዕሊ ቈልዓ ወይ መንእሰይ ምግባር እዩ።

ተንቀሳቓሲ (ዳይናሚካዊ) ገምጋም (እቲ ስም ከምዝሕብሮ) ሰባት ቁሩብ ነገራት ምእንቲ ክርድኡ ዝሕግዝ ስራሕ ምስ ቈልዓ ወይ መንእሰይ ዝሰርሓሉ መገዲ እዩ፡

- እቲ ቈልዓ ወይ መንእሰይ ነብሱ ክኢሉ ክገብሮ ዝኽእል እንይታይ እዩ
- ምስ ደገፍ ናይ ዓቢ ሰብ እንታይ ክገብር ይኽእል
- ንምህሮ እቲ ቈልዓ ዝደፍእ ዝበለጸ ዓይነት ደገፍ ኣየናይ እዩ

ተንቀሳቓሲ ገምጋም (ዳይናሚካዊ) ብተወሳኺ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ንምህሮ ክጸልዉ ንዝኽእሉ ካልኦት ነገራት ክፍትሽ የፍቅደሉ። እዞም ነገራት፡ ድርኺት ናይ ምህሮ፣ እቲ ቈልዓ ከም ተመሃራይ ብዛዕባኡ ዝሓስቦ (እኩብ ሓንጕል) ወይውን ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ዝተጠቀሞ ቋንቋ ዘሕድሮ ጽልዋ ወይውን እቲ ስራሕ ባዕሉ የጠቓልል።

ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ነቲ ተንቀሳቓሲ (ዳይናሚካዊ) ገምጋም ከካይድ ከሎ መምህር ክርኢ ኣርባሒ ይኸውን - ዝበዝሐ እቲ ዝዕዘዐ ብቐጥታ ንመምሃሪ ክፍሎም ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ፈተና ኣፍልጦ (ምምዝዛን) ብትዕዝብቲ ኣይካየድን እዩ።

## "ጸብጻብ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ የድልየና እዩ"

ጸብጻብ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ስለምንታይ ከምዝድልየኩም ከምኡ'ውን እንታይ ክገብር ወይ ክህበኩም ተስፋ ከምትገብሩ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ልክዕ ከልተ ናይ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ገምጋማት ተመሳሰልቲ ዘይኮኑ፡ ክልተ ናይ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ጸብጻባት'ውን ተመሳሰልቲ ኣይኮኑን። ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ሪፖርት ከም ዘድሊ ምስሰምዐ ገለ ውሑዳት ነገራት ክፈልጥ ይደሊ ይኸውን፡

- እቲ ጸብጻብ እንታይ ክገብር ተስፋ ትገብሩ?
- እቲ ጸብጻብ እንታይ ክህበኩም ኢልኩም ትሓስቡ?
- ብክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ዝተጽሓፈ ጸብጻብ እንተዝህልወኩም እንታይ ፍሉይ ምኾነ?

ክኢላታት ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ብዙሕ ጸብጽባት ይጽሕፉ፡ መብዛሕቱኡ ግዜ እዚኣቶም ናይ ስራሕና ፍርያት እዮም። ብመሰረት ተመኩሮና ብዙሕ ጊዜ ተሳትፎ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ እዩ። ንኣብነት ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ዝገብሮ፣ ሰባት ዝያዳ ክብሪ ዝህቡዎ። ሓንሳእ ክንሳተፍ ምስ ጀመርና፡ ብሓባር ኰይንና እንታይ ዓይነት ፍርያት ዝያዳ ጠቓሚ ክምዝኾነ ክንውስን ንኽእል ኢና፡ ንኣብነት ደብዳበ፣ ቅዳሕ ናይቲ ዝከየድናዮ ዝርርብ ወይ ዝያዳ ዝነውሐ ጸብጻብ።

ሓደ ሓድ ግዜ፡ ኣብ ልዕሊ "ጸብጻብ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ" ዓቢ ኣተኩሮ ኣሎ ምኽንያቱ ክኢላታት ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ሓለውቲ ማዕጾ ናይ ውጥናት ትምህርቲ፣ ጥዕናን ክንክንን (EHCPs) ወይውን ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ቦታታት እዮም ዝብል ግምታት ክህሉ ይኽእል እዩ። እቲ ጉዳይ እዚ ኣይኰነን። ብክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ዝወሃብ ሓበሬታ ንሓያል ጐድንታትን ድሌታትን እቲ ቈልዓ ንምፍላይ ዝተነድፈ እዩ ከምኡ'ውን ድሌታት እቲ ቈልዓ ከም ዝተማልኡ ንምርግጋጽ እንታይ ዓይነት ነገራት ክህልዉ ከምዘለዎም ይገልጽ። ጸብጻብ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ኣብ እዋን ስራሕ ክኢላ ትምህርታዊ ስነኣእምሮ ስምምዕ ንዝተገብረሉ ብዝርዝር ክቕርብ ይኽእል። ከምኡ'ውን ሰባት ውሳነ ክውስኑ ክሕግዝ ይኽእል እዩ ግን እቲ ቈልዓ ውጥን ትምህርቲ፣ ጥዕናን ክንክንን (EHCP) ክረክብ ኣለዎ ወይውን ኣበየናይ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ከምዘለዎ ኣይገልጽን እዩ።

ነዚ ሰነድ ዘዳለዉ - ዶክተር ዴቦራ ቸርቺል፣ ዶክተር ኣማንዳ ጋውልተር፣ ዶክተር ሱ ሮፊ፣ ዶክተር ካቲ ኣትኪንሰን፣ ዶክተር ሜሪ ስታንለይ ድዩክ፣ ዶክተር ዊልል ሺልድ፣ ዶክተር ኤምሊ ፍራንስ፣ ዶክተር ኣድሪያና ሪድ , ዶክተር ኤሚ ሰች፣ ዶክተር ጀን ዋይት